## AFSCME (ናይ ኣሜሪካ ሃገር፣ ዞባ ከምኡ ውን ምምሕዳር ከተማ ሰራሕተኛታት ፌዴሬሽን) LOCAL (ኣከባብያዊ) 328 ጽሟቕ ናይ ውዕል

እቲ ውዕል ኣብ ሞንጎ AFSCME Local 328 ከምኡ ውን OHSU (ናይ ኦሪገን ናይ ጥዕናን ሳይንስን ዩኒቨርሲቲ) ሕልኽልኽ ዝበለ ሕጋዊ ሰነድ'ዩ። እዚ ዝስዕብ ዝርዝር ናይ ገለ ቀንዲ ኣገደስቲ ናይ ውዕል ዓንቀጻት ንናትና ውኩላት ሰራሕተኛታት ንምፍላጥ'ዩ። እዚ መምርሒ እዚ ከም ናይቲ ውዕል ጽሟቕ ማለቱ'ዩ - *ነቲ ልክዕ ሕጋዊ ቛንቛ ኣየጠቓልልን'ዩ።* ዝያዳ መረዳእታ ናይዚ ጽሟቕ እንተ ደኣ ደሊኻ ወይ ድማ ሕቶታት ብዛዕባ ካልእ ኣብቲ ውዕል ዝተሸፈነ እንተ ኣለካ፣ ንዝያዳ ሓበሬታ ነቲ ናትና ማሕበር ኣብ (844) 758-6466 ክትውከሶ ትኽእል'ኻ፣ ንሕና ድማ ዝያዳ ሓጋዚ እንተ ኾይኑ ተርጓሚ ክንሰርዓልካ ንኽእል ኢና።

- <u>ዓንቀጽ 7 - ሰዓታት ስራሕ፡</u> ዓይነታት ናይ ስራሕ ውጥናት፣ ምቅይያራት ናይ ውጥን፣ ናይ ምሕባር ክፍሊት፣ ናይ ዕረፍትን ምሳሕን እዋናት፣ ኣብ ተሌፎን፣ ናይ ስራሕ ተራ ንግዲታት፣ ናይ ጽሬት ግዜ፣ ዝተማሓየሹ ስርሓት።
- <u>ዓንቀጽ 8 - ካሕሳ፡</u> ናይ ክፍሊት ወሰኻት፣ ኣመዓባብላ ናይ ክፍሊት፣ ናይ ሞያ ብቕዓት ምትዕርራያት/መቕሸሺ፣ ምቅይያራት ናይ ክፍሊት ኣብ ዳግመ ምደባ፣ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት፣ ልዑል-/ትሑት ክፍሊታት።
- <u>ዓንቀጽ 9 - ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ከምኡውን ልዑል ግምት ዘለዎ ክፍሊት፡</u> ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ክፍሊት፣ ጸብጻብ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ፣ ምውጣን ከምኡውን ዕማም ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ፣ ናይ ካሕሳ ግዜ፣ ናይ ዳግመ ምድዋል ደሞዝ፣ ምቅያራት ናይ ምሕባር ግዜ፣ ክፍሊት ንናይ በዓል ስራሕ።
- <u>ዓንቀጽ 10 - ፍልልይ ናይ ክፍሊት፡ ናይ ስራሕ ተራ ፍልልያት፣ ኣብ ተለፎን፣ ስራሕ ምምራሕ፣ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ምስራሕ፣ ፍልልይ ናይ ቀዳመ ሰንበት</u>
- <u>ዓንቀጽ 11 - በዓላት፡</u> ዝርዝር ናይ በዓላት፣ናይ በዓል ክፍሊት፣ ኣብ በዓል ምስራሕ።
- <u>ዓንቀጽ 12 - ዕረፍቲታት፡</u> ናይ ዕረፍቲ ግዜ ምውሳድ፣ዕረፍቲ ናይ ምሕታት መስርሕ፣ ዕረፍቲ ብጥረ ገንዘብ ምውጻእ፣ ዕረፍቲ ምልጋስ።
- <u>ዓንቀጽ 13 - ናይ ሕማም ፍቓድ፡</u> ናይ ሕማም ግዜ ምውሳድ፣ ተሳትፎ ምልላይ፣ ናይ ሕማም ፍቓድ ምጥቃም፣ ናይ ሓካይም መዘኻኸሪ፣ ምኽንያታዊ ባይታታት፣ ናይ ሕማም ፍቓድ ምሕዳስ፣ ሳዕቤን ኣብ ጥሮታ።
- <u>ዓንቀጽ 14 - ናይ ብኩራት ፍቓዳት፡</u> ክፍሊት ዘለዎም ፍቓዳት (ናይ ደያኑ ግዴታ፣ ቃለመጠይቕ ፍቓድ፣ ምልጋስ ደም፣ ምኽሪ ቅድመ-ጥሮታ)፣ ክፍሊት ዘይብሎም ፍቓዳት (ውልቃዊ፣ ሕክምናዊ፣ ብሞት ምፍላይ፣ ወተሃደራዊ)
- <u>ዓንቀጽ 17 - ግድምና፡</u> ቀጻሊ ኣገልግሎት፣ ናይ ግድምና ሕሳብ፣ ናይ ግድምና ዝርዝር
- <u>ዓንቀጽ 18 - ዘይተታሕዘ ናይ ስራሕ ቦታ ምምላእ፡</u> ናይስራሕ ጨረታ፣ ናይ ስራሕ ምልክታታት፣ ውሽጣዊ ምርጫ፣ ናይ ልምምድ ቦታታት፣ ናይ OHSU ስራሕ ናይምምዳብን ግቡኣት ናይ ምቅይያርን መሰል።
- <u>ዓንቀጽ 19 - ምድስካል፥</u> ናይ ምድስካል ምልክታ፣ ናይ ምድስካል ትእዛዝ፣ ናይ ምቕማጥን ምዝውዋርንመሰላት፣ ተመራጺ ናይ ስራሕ ምቑጻር ዝርዝር፣ ምዝካር መሰላት፣ ናይ ስራሕ ተራ ምሕጻርርንምስራዝን፣ ሕጽረት ስራሕ ኣብ በዓላት።
- <u>ዓንቀጽ 22 - ትምህርቲ፣ ልምምድን ሞያዊ ምዕባለን፡</u> ሰዓታት ናይ ትምህርትን ልምምድን፣ መደባት ናይ ውልቃዊ ምዕባለ፣ን ናይ ትምህርቲ-ወጻኢታት መከሓሓሲ ክፍሊት።
- <u>ዓንቀጽ 23 - ተግሳጽን ምስጓግን፡</u> ገስጋሲ ተግሳጽ፣ ግቡእ ጠንቂ፣ ናይ መርመራ ኣኼባታት  ምልክታ፣ ብማሕበር ናይ ምውካል መሰል፣ ናይ ብኩራት ጉዳያታ ተግሳጽ፣ ናይ ተግሳጽ ተግባራውነት፣ ብዘይ ፍቓድ ብኩራት።
- <u>ዓንቅጽ 24 - ጥርዓናት ከምኡውን ዳኘነት፡</u> ዓይነታት ናይ ጥርዓናት፣ ብማሕበር ምውካል፣ ደረጃታትን እዋናትን ጥርዓን፣ ናይ ዳኘነት መስርሕ።
- <u>ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዓት</u>፡ ናይ ሓባር ምርድዳእ መስርሕ፣ ብናያ ሓባር ምርድዳእ ክመሓየሹ ዝኽእሉ ዓንቀጻት፣ ኣብ ስምምዕ ምብጻሕ።

**ዓንቀጽ 7 - ሰዓታት ስራሕ**

እዚ ዓንቀጽ ንምውጣን፣ መሰል ናይ ሰራሕተኛታትን ናይ OHSU ገደባትን፣ ከምኡ ድማ "ዝተማሓየሹ ስርሓት" ይገልጽ። ናይዚ ዓንቀጽ እዚ ዕላማ ንውኩላት ሰራሕተኛታት ምስ ክግመት ዝኽእልን ጽኑዕ ናይ ስራሕ ውጥናትን ንምቕራብ'ዩ።

- ሓለፍቲ ንሰራሕተኛታት ን 8-፣ 10- ወይ 12- ናይ ስራሕ ተራታት ክውጥኑ ይኽእሉ። ስሩዕ ናይ ስራሕ ተራታት ብዘይ ፍታው ናይ ሰራሕተኛን ማሕበርናን ካብ 12 ሰዓታት ክነውሕ ኣይክእልን'ዩ። [7.2.1]
- ዝተፈራረቐ ናይ ስራሕ ተራታት ፍሉይ ኣገባብ እንተ ዘይሲዒቡ ኣይፍቀድን'ዩ። [7.2.2]
- ለውጢ ናይ ውጥናት ፍሉይ ድሌት ንኽትረክብ ዘኽእሉ እቲ ሰራሕተኛን ሓላፊን እንተ ተሰማሚዖም'ዩ። [7.2.3]
- ተዓጻጻፊ ናይ ምጅማርን ምውዳእን ሰዓታት እቲ ሰራሕተኛን ሓላፍን ናይ መዓልታዊ ትርፊ ሰዓት መኽልከሊ እንተ ተሰማሚዖም ክህሉ ይኽእል'ዩ። እዞም መኽልከሊታት ወለንታውያንን ኣብ ዝኾነ ግዜ ብሓዲኡ ወገን ክግለሉ ዝኽእሉን እዮም። [7.2.4]
- ምትእትታው ውጥናት ናይ ስራሕ ቅድሚ 28 መዓልታት ግድን ክልጠፍ ይግባእ። ሓንሳብ ምስ ተለጠፈ፣ ብዘይ ናይ ሰራሕተኛ ስምምዕ ኣይቅየሩን'ዮም፣ ብጀካ ንህጹጽ እዋናት። [7.2.5]
- ናይ ከፊል ግዜ ሰራሕተኛታት ብጀካ ኣብ ሃንደበት ኩነት ካብ ሾመንተ ተኸታተልቲ መዓልታት ንላዕሊ ክሰርሑ የብሎምን፣ እንተኾይኑ 10 ተኸታተልቲ መዓልታት። [7.2.10]
- ናይቲ ሰራሕተኛ ቅያር እንተ ተሰሪዙ ከምኡውን እንተወሓደ ክልተ ሰዓታት ቅድሚ ናብ ስራሕ ከይ ቀረበ እንተ ዘይተሓቢሩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ኣርባዕተ ሰዓት ክፍሊት ውሕስነት ይህልዎ። [7.3]
- ሰራሕተኛታት ናይ ምሳሕ ግዜን ዕረፍቲን ውሕስነት ይህልዎም - ነዚኦም ህሉዋት ክኾኑ ድማ ሓላፍነት ናይቲ ተቖጻጻራይ'ዩ። [7.5 & 7.6]
- ሰራሕተኛታት ኣብ መንጎ ስሩዕ ናይ ስራሕ ተራ ውጥን ምቅያራት ናይ 10 ሰዓታት ዕረፍቲ ክህልዎም ይግባእ ከምኡውን ናይ 10 ሰዓታት ዕረፍቲ እንተ ዘይረኺቦም ንዝያዳ ክፍሊት ብቁዕ ይኾኑ። [7.7]
- ሰራሕተኛታት ብፍታው ናይ ተቖጻጻራይ ኣብ ነንሕድሕዶም ናይ ስራሕ ተራ ምቅይያር ይፍቀደሎም'ዩ። [7.10]

<u>ዝተማሓየሹ ስርሓት</u>

- ብግዜ ሕማቅ ኣጋጣሚታት፣ ኩነታት ኣየር ምብርታዕ (ከም በዓል ውርጪ ወይ ኩነት በረድ)፣ ቅልውላው ወይ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋታት፣ OHSU ናይ ሰራሕተኛታት ከም ኡውን ናይ ሕሙማት ውሕስነትን ጸጥእታን ንምርግጋጽ ስርሓቱ ከመሓይሽ ይኽእል እዩ። ብግዜ ዝተመሓየሹ ስርሓት፣ OHSU ገለ ክፋላት ናይቲ ስርሑ ክዓጽዎም ይኽእል ከምኡውን/ወይ ድማ ውጥናት ናይ ዘይ-መሰረታውያን ሰራሕተኛታት ይስርዝ። 24 ሰዓታት ዝሰርሑ ናይ ስራሕ ከባቢታት ኩሉ ግዜ ክፉት ይጸንሑ። [7.12]
- ኣብ ግዜ ዝተመሓየሸ ስርሓት ናይ ስራሕ ከባቢ ክፉት እንተ ጸኒሑ፣ ሰራሕተኛታት ናብ ስራሕ ንክመጹ ምኽንያታዊ ጻዕሪ ክገብሩ ይግባእ። ካብቲ ስራሕ ዝጅምሩሉ ሰዓት ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት እንተ መጺኦም ናይ ምሉእ መዓልቲ ክኽፈሉ'ዮም፣ ብድሕሪዚ ግን ናይቲ ዝሰርሑዎ ሰዓታት ጥራይ እዮም ክኽፈሉ። [7.12.2]
- ናይ ስራሕ ከባቢ ክፉት እንተጸኒሑ እሞ'ኳ ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ሕማቅ ኩነታት ኣየር ክበጽሑ እንተዘይ ከኢሎም፣ እቲ ዝሕታለ ወይ ብኩራት ብዘይ ክፍሊት ፍቓድ ይሕሰብ ከምኡውን ከም ናይ ተሳትፎ ፍጻመ ኣይክቁጸርን'ዩ። ሰራሕተኛታት ብኩራት ንክሽፍኑ ካብ ዝተጠራቐመ ናይ ዕረፍቲ ወይ ድማ ናይ ካሕሳ ግዜ ንኽጥቀሙ ክውከሱ ይኽእሉ እዮም። [7.12.3]
- ዝተማሓየሹ ስርሓትኣብ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ ተራ እንተ ተኣዊጁ እሞ ናይ ስራሕ ክፍሉ እንተ ተዓጽዩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ዝተረፎ ናይ ስራሕ ተራኡ ክኽፈሎ ኣለዎ። [7.12.4]

**ዓንቀጽ 8 - ካሕሳ**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ብውዕልና ዝተዋሕሰ ናይ ክፍሊት ወሰኻት ይገልጽ፣ ከምኡውን ናይ ደሞዝ ምትዕርራያት ይምልከት።

- ነፍስወከፍ ውዕል ኣብ እዋን ልዝብ ብ ማሕበርና ዋጋ ዕዳጋ ዝተገብረሎም ጠቕላላ ናይ ክፍሊት ወሰኻት መስርዕ የጠቓልል።መጠን ናይቲ ወሰኽ ካብ ውዕል ናብ ውዕል፣ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ውዕል ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይቀያየር። ኣብ እዋናዊ ውዕልና ግዜን መጠንን ናይ ጠቕላላ ናይ ክፍሊት ወሰኻት ንኽትረኽብ፣ ንማሕበርና ተወከስ። [8.1]
- ሰራሕተኛታታ ኩሉ ዓመት ኣብ ናይ ስራሕ ዓመታዊ ጽምብሎም — ዕቤታዊ ወሰኽ ዝበሃል — ተወሳኺ ይቕበሉ። እቲ ዝውሰኽ መጠን እቲ ሰራሕተኛ ናይ ስርሑ ናይ ክፍሊት መጠን ንክንደይ ዝኣክል ሰኺሙ ይምርኮስ። [8.2 - 8.2.2]
- ሰራሕተኛታት *ኣብ ልዕሊ* እቲ በቲ ውዕል ዝተዋሕሰ ወሰኻት ነቶም ሓለፍቶም ምስ ክእለቶም ዝኸይድ ወሰኽ ወይ ሞቕሽሽ ከሓቱ ይኽእሉ። [8.3]
- እቲ ሰራሕተኛ ካብ መዓርጉ እንተ ወሪዱ፣ እንተሶጊሙ፣ እንተተቀዪሩ ወይ ከኣ ዳግማይ እንተተመዲቡ፣ ክፍሊቶም ክውስኽ፣ ክጎድል ወይ ከኣ ኣብ ዘለዎ ክጸንሕ፣ ኣብቲ ኩነት ይምርኮስ። [8.5 - 8.7.2]
- OHSU ንሰራሕተኛ ዝያዳ እንተኸፊሎም፣ እቲ ዝያዳ ክፊሊት ምስ ተፈልጠ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ግድን ነቲ ክፍሊ ደሞዝ ከመልከት ኣለዎ ከምኡውን ነቲ ገንዘብ መሊሱ ክኸፈሎ ኣለዎ። [8.11]

---

**ዓንቀጽ 9 - ትርፊ ሰዓት ከምኡውን ዓቢ ግምት ዝወሃቦ ክፍሊት**

እዚ ዓንቀጽ ትርፊ ሰዓት ብከመይ ይሰርሕ ይገልጽ።

- ትርፊ ሰዓት ሓደ ሰራሕተኛ ኪንዮ ስሩዕ ሺፍቱ (እቲ ሺፍቱ ሾመንተ ወይ ዝያዳ ሰዓታት እንተ ኮይኑ) ወይ ኪንዮ 40 ሰዓታት ኣብ ሶሙን ክሰርሕ እንከሎ'ዩ። [9.1.1]
- ትርፊ ሰዓት ብግዜ ከምኡውን ሓደ-ፍርቒ ናይቲ ሰራሕተኛ ስሩዕ መጠን ደሞዝ ይኽፍል። [9.1.2]
- ኩሎም ዝሰርሖ ሰዓታት፣ ተደመሮ ዝተወሰደ ዕረፍቲ፣ ናብ ትርፊ ሰዓት ገጾም ይቁጸሩ። [9.1.3]
- ሓፈሻዊ፣ ትርፊ ሰዓት ብመስርዕ ግድምና ዝወሃብ'ዩ። *ወለንታዊ* ወላ ሓደ እንተ ዘየለ፣ ሓለፍቲ ኣንጻር ናይቲ መስርዕ ግድምና *ክምድቡ* ይኽእሉ። [9.1.4.a-d]
- ሓደ ሰራሕተኛ ደንጉዩ ክሰርሕ እንተ ተደሊዩ እሞ እቲ ናቱ ስሩዕ ናይ መጓዓዝያ ኣገባብ እንተ ዘየለ፣ እሞ ኸኣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ትእዛዝ ኣብ ናይ ስራሕ ተራኡ ንመጀመርታ ግዜ እንተ ተሓቢሩ OHSU ነቲ ሰራሕተኛ ናይ ታክሲ ወይ መጓዓዝያ ይኽፍልዎ።[9.1.4.e]
- ሰራሕተኛታት ኣብ ርብዒ ዓመት ብግዴታ ናይ 60 ሰዓታት ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ጥራይ ንኽሰርሑ ኺሕተቱ ይኽእሉ እዮም። [9.1.4.f]
- ሰራሕተኛታት ብጀካ ኣብ ኣዝዩ ውሑድ ኣጋጣሚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ 24-ሰዓት እዋን ካብ 16 ተኸታተልቲ ሰዓታት ንላዕሊ ክሰርሑ ኣይክእሉን'ዮም። ዝያዳ ናይ 16 ተኸታተልቲ ሰዓታት ስራሕ፣ ክፍሊቱ ዕጽፊ ይኸውን። [9.1.4.g]
- ብናይ ተቖጻጻራይ ምጽዳቕ፣ ሰራሕተኛታት ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ኣብ ክንዲ ምቕባል ንትርፊ ሰዓት ናብ ናይ ካሕሳ ግዜ ክቕይርዎ ይኽእሉ እዮም(ግዴታ ትርፊ ሰዓት ምቕበል ኣየድልዮን'ዩ)። [9.1.5]
- OHSU ሓደሓደ-ግዜ ንሰራሕተኛታት ናብ ስራሕ ክምለሱ ይጽውዑ'ዮም (ንእለቱ እንተ ኺይዶም ወይ ድማ ንኽኸዱ ኣብ ጻውዒት እንከለዉ)፣ እዚ እንተ ኣጋጢሙ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ግድን እንተወሓደ ናይ ክልተ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብግዜን ሓደ-ፍርቅን ክኽፈል ኣለዎ። [9.2-9.2.2]

**ዓንቀጽ 10 - ናይ ፍልልይ ክፍሊት**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ሰራሕተኛታት ክወስዱዎ ዝኽእሉ ብዙሕ ዓይነታት ናይ ፍልልይ ክፍሊት ይገልጽ።

- ብውሑዱ ፍርቂ ናይቲ ዝተወጠነ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ መንጎ ሰዓት 4:00 ድ.ቀ. ክሳብ 12:00 ፍርቂ ለይቲ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት *ናይ ምሸታዊ ናይ ስራሕ ተራ ናይ ፍሉይነት* ክፍሊት ካብቲ ናይ ስሩዕ ሰዓታት ክፍሊት ብ 7% ወይ $1.36 (እቲ ዝዓበየ) ወሰኽ ይኽፈሎም። ብውሑዱ ፍርቂ ናይቲ ዝተወጠኑ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ መንጎ ሰዓት 12:00 ፍርቂ ለይቲ ክሳብ 8:00 ቅ.ቀ. ኣብ ዘሎ ሰዓታት ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት *ናይ ምሸታዊ ናይ ስራሕ ተራ ናይ ፍሉይነት* ክፍሊት ካብቲ ናይ ስሩዕ ሰዓታት ክፍሊት ብ 12.5% ወይ $2.65 ( እቲ ዝዓበየ) ወሰኽ ይኽፈሎም። [10.1.1- 10.1.2]
- ሰራሕተኛታት ኣብ ነፍስወከፍ ሽድሽተ ሰዓታት ናይ ጻውዒት ግዴታ ምደባ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ *ጻውዒት ክፍሊት* ክቅበሉ'ዮም። [10.2]
- ሰራሕተኛታት ንዝተመደበ ናይ *መሪሕነት ስራሕ* ግቡኣት ንኣርባዕተ ወይ ልዕሊኡ ሰዓታት ብተኸታታሊ እንተደኣ ሰሪሖም 5% *ናይ መሪሕነት ስራሕ ፍልልይ* ክወሃቦም እዩ። [10.5]
- ሰራሕተኛታት ናይ ላዕለዋይ ምደባ ግዴታታት ንኣርባዕተ ወይ ልዕሊኡ ሰዓታት ክምደቡ እንከለዉ ሓደ 4% ናይ *ካብ ክፍሊ ውጻኢ ስራሕ ፍልልይ* ክቕበሉ'ዮም። [10.10.1]
- ኣብ መንጎ ዓርቢ 11:00 ድ.ቀ. ክሳብ ሰንበት 11:00 ድ.ቀ. ዘሎ ሰዓታት ንዝስርሑ ስርሓት ናይ $0.50 ኣብ ሰዓት *ናይ ቀዳመ ሰንበት ፍልልይ* ይከፈሎ። [10.11]

**ዓንቀጽ 11 - በዓላት**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ናይ OHSU ዝኽፈሎም በዓላትን ናይ በዓል ክፍሊትን ይገልጽ።

- ውኩላት ሰራሕተኛታታና ሾመንተ ዝኽፈሎም በዓላት ይረኽቡ። [11.1]
- ምሉእ ግዜ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታታ ናይ ሾመንተ ሰዓታት ናይ በዓል ክፍሊት ይቕበሉ፣ ትርፊ ግዜኦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ዝሰርሕዎ ሰዓታት ይቕበሉ። ሰራሕተኛታት ናይ በዓል ክፍሊት ምእንቲ ክቕበሉ ቅድምን ድሕርን ናይቲ በዓል መዓልቲ ንናቶም ምሉእ ሺፍቲ (ብምስራሕ ወይ ናይ ሕማም ፍቓድ ፣ ዕረፍቲ ወይ ናይ ካሕሳ ግዜ ብምጥቃም) ኣብ ናይ ተኸፈልቲ ኩነታት ክህልዉ ይግባእ። [11.2]
- ኣብ በዓላት ንኽትሰርሕ እንተ ተወጢኑ፣ ሓደ ሰራሕተኛ *ኣብ ልዕሊ* እቲ ናይ በዓል ክፍሊት ብግዜን ሓደ ፍርቂን ይኽፈሎ። [11.3]
- ናይ በዓል ናይ ስራሕ ውጥናት ቅድሚ 28 መዓልታት ኣብ ናይ ስራሕ ኣሃዱ ግድን ክልጠፍ ይግባእ። [11.4]

---

**ዓንቀጽ 12 - ዕረፍቲ**

እዚ ዓንቐጽ እዚ ዕረፍቲ ብከመይ ይውሰድ፣ ብከመይ ክትጥቀመሉ ትኽእል ከምኡውን ብከመይ ኣብ ጨረታ ይውዕል ይገልጽ።

- ደረጃ እቶም ሰራሕተኛታት ዝወስድዎ ዕረፍቲ ኣብቲ ናይ ኣገልግሎት ዓመታት ተመርኲሱ ይፈላለ ከምኡውን ኣብቲ ትኽፈለሉ ስሩዕ ሰዓታት ተመርኲሱ ይጽብጸብ። [12.1-12.1.1]
- መሰረት ኣብ ናይዚ ውዕል ዓንቀጽ ዝተገልጹ ሕጋጋት ሰራሕተኛታት ንዕረፍቲ ከም ድሌቶም ንዝተወጠነ ብኩራት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ'ዮም። ዕረፍቲ ን FMLA (ናይ ስድራ-ቤት ናይ ሕክምና ፍቓድ ሕጊ) ወይ OFLA (ናይ ኦሪገን ስድራ-ቤት ፍቓድ ሕጊ) ፍቓድ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል'ዩ። [12.3]
- ናይ ስራሕ ክፍልታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንምውጣን ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዓት ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። [12.4.1]
- ሰራሕተኛታት እንተወሓደ ዓመታዊ እኩብ ዕረፍቶም ክወስዱ ምእንቲ ክኽእሉ ሓለፍቲ እኹል ናይ ዕረፍቲ ክፍተታት ንምቕራብ ዝያዳ ጻዕሮም ክጥቀሙ ይግባእ።ኣብ ውሽጢ ዓመት ዘለዉ ናይ ዕረፍቲ ኣጋጣሚታት ኣብ ዲሰምበር 31 ግድን ክልጠፍ ይግባእ፣ እዞም ኣጋጣሚታት ንምሉእ ዓመት ዘለዉ ኮይኖም ከምኡውን ድሓር በቶም ሓለፍቲ ኣይተሓዝን'ዩ። [12.4.2]
- ናይ ዕረፍቲ ጨረታ እንተላይ በዓላት የጠቓልል። [12.4.3]
- ናይ ዕረፍቲ ጨረታ ኣብ ክልተ ዙርያታት ይትግበር - ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ጥራይ ናይ ግዜ ገደብ ኣለዉ፣ ንዝተረፈ ዓመት፣ ጨረታ ቀዲሙ ዝመጸ፣ ቀዲሙ ኣገልግሎት ይረከብ ብዝብል ይትግበር። [12.4.3.a-e]
- ሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ንምስራዝ ግድን ቅድሚ 30 - 45 መዓልታት ምልክታ ክህቡ ኣለዎም። [12.4.4]
- ንዘይከፈሎ ፍቓድ ሓቲቶም ፍቓድ እንተድኣዘይረኺቦም፣ ንኹሉ ዝሽፍን እኹል ናይ ዕረፍቲ ከምኡውን/ወይ ናይ ካሕሳ ግዜ ናይ ዘይብሉ ሰራሕተኛ ዕረፍቲ ክስረዝ'ዩ። [12.4.5]
- ናይ ዕረፍቲ ባንክታት ኣብ 300 ሰዓታት ይሸፈን። ሰራሕተኛታት 250 ሰዓታት እንተበጺሖም፣ህሉዋት ስርሓት ዘፍቅዱ እንተድኣ ኮይኖም ንዕረፍቲ ክውከሱ ይኽእሉ'ዮም። [12.5]
- ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት ኣብ ገለገለ ዓይነታት ናይ ውትህድርና ፍቓድ ወይ ድማ ኣብ ገለገለ ኣጋጣሚታት ከኣ ብወለንታ፣ ኣብ እዋን ምቁራጽ ናይ ስራሕ እዩ ዝኽፈል። [12.6-12.6.3]
- ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታቶም ህጹጽ ሕክምናዊ ሽግራት ንዘጋጠሞም ካልኦት ናይ OHSU ሰራሕተኛታት ንምሕጋዝ ናብ ናይ መላእ ትካል እኩብ ከወፍዩዎ ይኽእሉ እዮም። [12.7-12.7.2]

**ዓንቀጽ 13 - ናይ ሕማም ፍቓድ**

እዚ ዓንቐጽ ናይ ሕማም ፍቓድ ብከመይ ይርከብ ከምኡውን ብከመይ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ዝገልጽ'ዩ።

- ናይ ምሉእ-ሰዓት ሰራሕተኛታት 96 ሰዓታት ናይ ሕማም ፍቓድ ኣብ ዓመት ይረኽቡ። [13.1]
- ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ሕማም ፍቓድ ኣብ ውሽጢ ዓመት እንተደኣ ዘይተጠቒሞምሉ፣ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ንገለ ክፋሉ ናብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክልውጥዎ ይኽእሉ እዮም። [13.2]
- ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ሕማም ፍቓድ ንናይ ነብሶም ሕማም ወይ መጉዳእቲ ወይ ውን ንዝቐረበ ኣባል ስድራ ቤቶም ወይ ንዝኾነ ኣባል መንበሪ ቤቶም ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። [13.3]
- ሓደ ኣካያዲ ስራሕ ሓደ ሰራሕተኛ ነቲ ናይ ሕማም ፍቓድ ይግህሶ ከምዘሎ ዘእምንት ርትዓዊ ባይታ እንተደኣ ሃልዩዎ ንናይ ሕማም ፍቓድ ናይ ሓኪም ወረቐት ክቕርብ ክሓትት ይኽእል እዩ። [13.4] *(መዘኻኸሪ: ናይ ሰለስተ መዓልታት ናይ ሕማም ፍቓድ ድሕሪ ምጥቃም እቲ ናይ ሓኪም ወረቀት ብኡንብኡ ኣድላይነት የብሉን።)*
- ሰራሕተኛታት ናይ ሕማም ፍቓድ ብመልክዕ ገንዘብ ክቕይሩ ኣይፍቐድን'ዩ። [13.5]
- ሰራሕተኛታት ን ናይ OHSU ስራሕ ዝገድፉ ግን ከኣ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ዝምለሱ ናይ ሕማም ዕረፍቶም ተዓቂቡ ይጸንሖም። [13.6]

*ናይ ሕማም ፍቓድ ከምኡውን ናብ ስራሕ ደንጉኻ ምምጻእ ብዙሕ እዋን ብሓባር ምስ ተሳትፎ ኣብ ዝተኣሳሰር መቕጻዕቲ ይእከቡ እዮም — ውዕልና ንስራሕ ደንጉኻ ናይ ምምጻእ ውሕስነት ኣይቅርብን እዩ። እቲ ውዕል ናይ ሕማም ፍቓድ ብምውሳድ ንዝጥቀሙ ሰራሕተኛታት ጥራይ ይከላኸለሎም — ንሰራሕተኛታት ኩሉ ናይ ሕማም ፍቓዶም ዝተጥቀሙሉ ሰራሕተኛታት ምክልኻል የለን። እቲ ውዕል ሓለፍቲ ንሰራሕተኛታት ንሕማሞም ከሸፍኑ ዕረፍቶም (ብጆካ ቅቡል ናይ ሕክምና ፍቓድ) ወይ ድማ ንሕማሞም ከሸፍኑ ፍቓድ ብዘይ ክፍሊት ንኽጥቀሙ ከፍቅዱ ኣየገድዶምን እዩ።*

*ዘይተወጠነ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንሕማም እንተ ወሲድካ፣ እዚ ድማ ከም ዘይሕጋዊ ብኩራት ክሕሰብ ይኽእል — ወላ ውን ንኽትሸፍኖ ናይ ሕማም ፍቓድ እንተ ወሰድካ — ዕቱብ ዲሲፕሊናዊ መዘዝ ክህልዎ ይኽእል።*

*ኣብ ውሽጢ ናይ ዋጋ ዕዳጋ ክፍልና ምፍራስ ናይ ሕጊ ተሳትፎ ቀንዲ ልሙድ ሳዕቤን ናይ ተግሳጽን ምብራርን እዩ።ብዛዕባ ተሳትፎ እንተ ተመኺርካ ወይ እንተሰልጢንካ፣ ብቕልጡፍ ናይ ማሕበር ደገፍ ክትደሊ ይግበኣካ።*

**ዓንቀጽ 14 - ናይ ብኩራት ፍቓዳት**

እዚ ዓንቀጽ እቶም ሰራሕተኛታት ዝወስድዎ —ክልቲኡ ዝኽፈሎምን ዘይክፈሎምን ዝተፈላለዩ ናይ ብኩራት ፍቓዳት ይገልጽ።

- ሰራሕተኛታት ንዞም ዝስዕቡ *ዝኽፈል ፍቓድ ክህልዎም ቅቡል* ይኸውን፡
  - ግዴታ ናይ ደያኑ [14.1.1]
  - ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራታት [14.1.2]
  - ወተሃደራዊ ልምምድ [14.1.4]
  - ፈተናታት ከምኡውን ቃለመጠይቃት [14.1.5]
  - ምልጋስ ደም [14.1.6]
  - ምኽሪ ቅድመ-ጥሮታ [14.1.7]
- ሰራሕተኛታት እቲ ስርሓት እንተ አፍቂዱ *ዘይክፈልዎ* ውልቃዊ ፍቓድ ክህልዎም ቅቡል ይኸውን። [14.2.1]
- ብቁዕ ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ግዜ 12-ወርሒ እዋን ነብሶም ክከናኸኑ ወይ ድማ ከቢድ ናይ ጥዕና ኩነት ዘለዎ ብቑዕ ኣባል ናይ ስድራ ንምክንኻን ክሳብ ናይ 12 ሶሙናት *ክፍሊት ዘይብሉ* ዝተሓዝአ-ስራሕ ሕክምናዊ ፍቓድ ይግብኦም።ከምኡውን ነዚ ግዜ ሓድሽ ንዝተወልደ ቆልዓ፣፣ ሓድሽ ዝተራዕመ ቖልዓ ወይ ድማ ሓድሽትሕቲ 18 ዓመት ዕድሚኡ ዘኽታም ቆልዓ ንምክንኻን፣ወይ ድማ ናይ ገዛ ክንክን ዘድልዮ ሕማም ወይ መጉዳእቲ ዘለዎ ቆልዓ ንምክንኻን ክጥቀሙሉ ይክእሉ። [14.2.2]
- ሰራሕተኛታት ብሞትናይ ቀረባ ኣባል ስድራ-ቤቶም ወይ ኣባል ናይ መንበረ-ቤቶምም ወይ ብናይ ሓላፊ ምርግጋጽ፣ ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ህይወት ካልእ ኣገዳሲ ሰብ"ምኽኑይ" ንዝኾነ እዋን ናይ ሓዘን ፍቓድ ክወስዱ ይፍቀደሎም። ሓለፍቲ ጭብጢ ናይ ሞት ከሓቱ *ይኽእሉ'ዮም*፡
  - ን ናይ OFLA ናይ ሓዘን ፍቓድ ብቁዕዓት ዘይኮኑ ሰራሕተኛታት ክሳብ ናይ ሓምሽተ መዓልታት ፍቓድ ክወስዱ ክፍቀደሎም ይግባእ።
  - ን ናይ OFLA ናይ ሓዘን ፍቓድ ብቁዕዓት ዝኮኑ ሰራሕተኛታት ክሳብ ናይ ክልተ ሶሙናት ፍቓድ ክወስዱ ክፍቀደሎም ይግባእ።
  - ሰራሕተኛታት ዘለዎም ዝኾነ ናይ ክፍሊት ዘለዎ ፍቓድ ዓይነት  (ዕረፍቲ፣ ናይ ካሕሳ ወይ ናይ ሕማም ፍቓድ) ኣብ ግዜ ብኩራት ምስኦም እንተሎ ክጥቀሙሉ ግድን ይኸውን፣ እንተዘይኮይኑ ከምዘይተኸፍለ ክውሰድ'ዩ። ተወሳኺ ግዜ ናይ ዕረፍቲ ኣብ ናይ ሓላፊ ድሌት ተመርኲሱ ቅቡል ይኸውን። [14.2.4]
- ሰራሕተኛታት ብሕጊ ንዝተደልየ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት *ክፍሊት ዘይብሉ* ፍቓድ ክህልዎም ቅቡል ይኸውን። [14.2.3]

**ዓንቀጽ 17 - ግድምና**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ግድምና ከምኡውን ቀጻሊ ኣገልግሎት የረድእ፣ ነጥብታት ናይ ግድምና ብኸመይ ይውሰዱ ድማ ይገልጽ።

- ግድምና ኣብ ውሽጢ ናይ ዋጋ ዕዳጋ ክፍሊ ናይ ቀጻሊ ኣገልግሎት እዋን ብዝውህለል ናይ ግድምና ነጥብታት እዩ ዝግለጽ። [17.1]
- ኣብቲ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ ዝርዝር ዝተወሰደ ግዜ ከም ቀጻሊ ኣገልግሎት እዩ ክሕሰብ። [17.2]
- ነጥብታት ናይ ግድምና ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ ዝርዝር እንከሎ ኣይስስኑን'ዮም። [17.2.2]
- ሰራሕተኛታት ክሳብ ናይ 96 ነጥብታት ናይ ግድምና ኣብ ናይ ዓመት ዕውደ ኣዋርህ ክወስዱ ይኽእሉ። [17.3]
- OHSU ኣብ O2 ክርከብ ዝኽእል ቀንዲ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ ዝርዝር የጽንሕ። [17.4]

*ግድምና ኣብ ብዙሓት ናይ ስራሕ ኣገባባት ክፉል ተራ ይጻወት፣ ዕረፍቲ ኣብ ምውጣን የጠቓልል፣ ጨረታ ስራሕ፣ ምጽጋዕን ዕማምን ናይ ትርፊ ሰዓት።*

---

**ዓንቀጽ 18 - ዘይተታሕዘ ቦታ ምምላእ**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ንጨረታ ስራሕ፣ ማለት ሰራሕተኛታት ከመይ ገሮም ዝሓሸ ሺፍቲ ይረኽቡ፣ ዝሓሸ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት፣ ምቅይያራት ወይ መዓርግ ይገልጽ።

- ናይ ስራሕ ጨረታ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ክፍሊ ክፉት ኣብ ዝህልወሉ ይትግበር። እቲ ሓላፊ ናቲ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ነቶ ኣብቲ ክፍሊ ውሽጢ ኣብ ተመሳሳሊ ምድብ ዘለዉን ተመሳሳሊ ዕማም ዘለዎምን ሰራሕተኛታት ናይ ግድን ስራሕ ከም ዝህሉ ይገብር። [18.1]
- ናይ ስራሕ ጨረታ ግድን ኣብቲ ናይ ስራሕ ዋህዮ ንሽውዓተ መዓልታት ክልጠፍ ከምኡውን ብግድምና ይሽለሙ። [18.1.1]
- ሰራሕተኛታት ኣብ ሓድሽ ቦትኦም ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙናት ናይ ስራሕ ጨረታ ዓወቶም ክቕመጡ ይግባእ። ** [18.1.2]
- ሓደኣብ ናይ ስራሕ ጨረታ ዝተዓወተ ሰራሕተኛ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ኣብ ካልእ ናይ ቦታ ጨረታ ክሳተፍ ኣይግብኦን፣ ኣብቲ ግዜቲ ግን ንምቅያር ከምኡውን ንመዓርግ ከመልክቱ ይኽእሉ'ዮም። [18.1.5]
- እቲ ቦታ በቲ ናይ ስራሕ ጨረታ እንተ ዘይመሊኡ፣ ንካልኦት ተወዳደርቲ ክፉቲ ክኸውን ይኽእል። [18.2]
- ናይ ውሽጢ ተወዳደርቲ ካብቶም ናይ ደገ ተወዳደርቲ ብዝላዓለ ቀዳምነት ይወሃቦም፣ ይኹን እምበር ናይ ውሽጥን ደገን ተወዳደርቲ ኣብ ሓደ ግዜ ክቑጸሩ ይኽእሉ እዮም። ብቑዓት ናይ ውሽጢ ተወዳደርቲ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ መዓልቲ ናይ ምልጣፍ ግዜ እንተ ኣመልኪቶም ቃለመጠይቅ ክግበረሎም ይግባእ። [18.2.2]
- ንውሽጣዊ ምቅይያር ዝተመርጹ ሰራሕተኛታት ኣብ ሓድሽ ቦትኦም ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙናት ናይቲ ምርጭኦም ምልክታ ክቕመጡ ይግብኦም።** [18.2.4.c]
- ናብ ሓድሽ ቦታ ዝተቀየሩ ናይ ውሽጢ ተወዳደርቲ ንሽድሽተ ወርሒ ኣብ ናይ ውሽጣዊ ስራሕ ቅያር ገምጋም እዋን ከገልግሉ'ዮም [18.2.4.d]
- ቀጥታ ናብ ስራሕ ናይ ምቑጻር መበገሲ ርጃሒታት ንዘየማልኡ ሰራሕተኛታት ናይ ልምምድ ቦታታት ኣለዉ። ብቑዕነት፣ ናይ ክፍሊት መጠን ከምኡውን ምርጫ ብናይ ውዕል ሕጊ ዝምእዘዙ እዮም።። [18.4-18.4.5]

***ኮምኡ ዘይምግባር ንሕሙም ወይ መሳርሕትኹም ጥዕና ወይ ውሕስነት ስግኣት ክፈጥር ይኽእል እዩ።*

**ዓንቀጽ 19 - ካብ ስራሕ ምድስካል**

እዚ ዓንቀጽ እዚ ማሕበርና ካብ ስራሕ ንዝደስከሉ ሰራሕተኛታት ዘቕርቦ ምክልኻል ይገልጽ። ካብ ስራሕ ንዝደስከሉ ምክልኻል ኣብ ውዕል ሓደ ካብቶም ዝሓየሉ ጥቕምታትና'ዩ። ናይ ምድስካል ምልክት እንተ በጺሑካ፣ መሰላትካ ብግቡእ ንኽትርዳእ ብቕጥታ ነቲ ማሕበርና ተወከስ።

- ምድስካላት እንተ ኣጋጢሙ፣ እቲ ዝተሓተ ግድምና ዘለዎ ሰራሕተኛ ኣብቲ ቦታ ቀዳማይ ዝእለ ንሱ ይኸውን። [19.1]
- ግዝያውያን ሰራሕተኛታት ከምኡውን ውዕል ዘለዎም ሸቓሎ ቅድሚ ናይ AFSCME- ውኩላት ሰራሕተኛታት ናይ ግድን ይባረሩ። [19.2]
- ቅድሚ ኣብ ናይ ውሽጣዊ ስራሕ ቅያር ገምጋም እዋን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ መኣረምታ እዋን ውሽጢ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ክባረሩ ይግባእ። [19.3]
- ናይ ምድስካል ምልክታ ዝተቀበሉ ኣርባዕተ ምርጫ ኣለዎም፡
    - ኣብ ናጻ ቦታ ክምደቡ
    - ኣብቲ ናቶም ምደባ ዝተሓተ ግድምና ዘለዎ ሰራሕተኛ ምግዓዝ
    - ናብቲ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ ዝርዝር ምኻድ
    - ምድስካል ብምውሳድ ናይመሰናበቲ ክፍሊት ምቅባል [19.4]
- ሓደ ዝደስከለ ሰራሕተኛ ኣብ ሓድሽ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ብምምላእወይ ዝወሓደ ግድምና ዘለዎ ሰራሕተኛ ብምግዓዝ ኣብ መደቦም ክቕመጥ ይኽእል። [19.5.1 – 19.5.4]
- ናብ ሓድሽ ቦታ ክምደቡ ዝጽበዩ ዝደስከሉ ሰራሕተኛታት ምደባ እንዳ ተጸበዩንዮኦም ዝኸውን ስራሕ እንተዘየለ ናብቲ ናይ ዝኽፈሎ ምምሕዳራዊ ፍቓድ ክኸዱ ኣለዎም። [19.6.1]
- ዝደስከሉ ሰራሕተኛታት፣ ኣብዚ ግዜ እዚ ናይ ምሉእ ግዜ ድዮም ወላ ናይ ከፊል ግዜ ብዘየገድስ ንክልቲኡ ናይ ከፊል እዋን ከምኡውን ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛታት ንኽንቀሳቐሱ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም። [19.6.2-19.6.3]
- ዝደስከሉ ሰራሕተኛታት ካብ ጂኦግራፊካዊ ከባቢኦም ወጻኢ ኣይክቅመጡን እዮም፣ እዚ ግን ነዚ ቀይዲ እንተዘይገዲፎሞ እዩ [19.6.4]
- ናብቲ ናይ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ ዝርዝር ንኽኣትዉ ዝመረጹ ሰራሕተኛታት ንናይ 90 መዓልታት ዝኽፈል መድሕን ጥዕና ንምርካብ ብቑዓት እዮም። ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ናይ ኣማራጺ-ተቐጻሪ መሰላቶም መቦቆላዊ ምደቦም ብዘየገድስ ኣብ ዝኾነ ብቑዓት ዝኾኑሉ ቦታ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም። [19.7]
- እቲ ዝደስከልኩምሉ ቦታ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ድሕሪ ምድስካልኩም እንተደኣ ተመሊሱ፣ እቲ ስራሕ ዝኾነ ዓቢ ለውጢ ክሳብ ዘይሃለዎ ነቲ ናይ ቐደም ስራሕኩም ናይ ምምላስ መሰል ኣለኩም። [19.10]

<u>ናይ እብረ ምሕጻር ከምኡውን ምስራዝ</u>

- እብረታት ብሰንኪ ሕጽረት ስራሕ ወይ ትጽቢት ዘይተገብረሎም ምኽንያታት ክሓጽሩን ክስረዙን ይኽእሉ እዮም። [19.11]
- ምሕጻርን ምስራዝን ውሱን ተርታ ሓልዮም ክፍጸሙ ኣለዎም፣ ናይ ስራሕ ክፍልታት ናይ ባዕለን ተርታ ንምምዕባል ናይ ሓባራዊ ምርድዳእ መስርሕ ክጥቀማ ይኽእላ። ሓደ ሰራሕተኛ ልዕሊ 120 ዝሓጽር ወይ ዝስረዝ ሰዓታት ኣብ ዓመት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ሰራሕተኛታት ነዘን ሰዓታት ንምሽፋን ናይ ዕረፍቲ ወይ ናይ ካሕሳ ግዜ ክጥቀሙ ይኽእሉ። [19.11.1-19.11.4]
- ሕጽረት ስራሕ ኣብ በዓላት እብረታት ንኽሓጽሩን ንኽስረዙን ልሙድ ምኽንያት እዩ; ኣብዞም ኣጋጣሚታት ኣካየድቲ ስራሕ ርትዓዊ ጻዕሪ ብምግባር እንተወሓደ 28 መዓልታት ቅድሚ እቲ በዓል ንሰራሕተኛታት ክፍልጡ ኣለዎም። [19.11.5]

**ዓንቀጽ 22 - ትምህርቲ፣ ልምምድ ከምኡውን ሞያዊ ምዕባለ**

እዚ ዓንቀጽ ብዛዕባ ብማሕበርና ከምኡውን OHSU ዝቐርቡ ናይ ትምህርቲ፣ ልምምድ ከምኡውን ሞያዊ ምዕባለ ኣገልግሎታት ይዝቲ።

- ሰራሕተኛታት ናይ ትምህርቲ ከምኡውን ልምምድ ደገፍ ብሓያሎ መንገድታት ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም፣ ነዚኦም ዘጠቓልል፡
  - ብወገን OHSU ዝሕተት ትምህርቲ/ልምምድ
  - ምርካብ ናይ ሰራሕተኛ ትምህርቲ ዳግመ ክፍሊት መርሓ ግብር ከምኡውን መደብ ዳግመ ክፍሊት ናይ ሰራሕተኛ ሞያዊ ምዕባለ
  - ትምህርቲ ንምክትታል ተዓጻጻፊ ናይ ስራሕ ውጥናት
  - ልምምድ ኣብ ቦታ ስራሕ
  - ኣብ ስራሕ ሜላታት ንምልምማድ ክፍሊት ዘለዎ ግዜ
  - ምምሃር [22.1]
- ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ ናይ ውዕል ዓመት ናይ 10 ሰዓታት ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰር ልምምድ ንኽወስዱ ውሕስነት ኣለዎም (ብኽፊል እዋን ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዝሰርሕዎ መጠን እዩ። ብመንገዲ ናይ OHSU/AFSCME ማእከል ንናይ ስራሕ ቦታ ምምሕያሽ ማእከል  ዝቐርብ ኣገልግሎታት ነዚ 10 ሰዓታት ናብ ምውሓስ ገጹ ይቑጸር። ሰራሕተኛታት ብዝተኻእሎም ዝቐደመ ምልክታ ናይ ልምምድ ክቐርቡ ኣለዎም ከምኡ ድማ ተቖጻጸርቲ ነዚ ጠለባት ንምምላእ ዝከኣሎም ርትዓዊ ጻዕሪ ክገብሩ እዮም። [22.1.1]
- ሓደ ሰራሕተኛ ሚላታቱ ኣብ ምምዕባል ወይ ትግባረኡ ኣብ ምምሕያሽ ዝሕግዞ ናይ ውልቃዊ ምዕባለ መደብ ከበጋግስ ይኽእል እዩ። [22.1.5]
- ሰራሕተኛታት ገለ ክፋል ወይ ምሉእ ወጻኢታት ናይ ብኣስራሒ ዝተፈቕደ ተሳትፎ ኣብ ትምህርቲ፣ ዓውደ መጽናዕቲ ወይ ካልእ ናይ ልምምድ መደብ ክኽፈሎም ይኽእል እዩ። [22.5]

---

**ዓንቀጽ 23 - ምስጓግ ከምኡውን ተግሳጽ**

እዚ ብዛዕባ ናይ ተግሳጽ መስርሕ ኣብ OHSU ይዝቲ።

- "ሰጓሚ ተግሳጽ" ማለት ዝኾነ ከቢድ (ከም ስርቂ ወይ ጎነጽ) እንተዘይኮይኑ ብቐዳማይ ጌጋኻ ክትስጎግ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት'ዩ። [23.1]
- ሰራሕተኛታት ናብ መቕጻዕቲ ከምርሕ ብዛዕባ ዝኽእል ምርመራኣዊ ቃለ መሕትት ዝቐደመ ምልክታ ክቕበሉ ይግባእ፣ ኣብቲ ቃለ መሕትት ናይ ማሕበር ወካሊ ምስኦም ንኽህሉ መሰሎም ውሑስ እዩ። [23.3-23.3.1]
- ምስ ተሳትፎ ዝተኣሳሰር ናይ ጽሑፍ ወይ ኣፋዊ መጠንቐቕታ ከውጽእ መደብ ዘለዎ ኣካያዲ ስራሕ ናይ መቕጻዕቲ ጉዳይ ንምፍታሕ፣ ኣብ ከንዲ ምርመራኣዊ ቃለ መሕትት ዘካይድ ካልእ መተካእታ መስርሕ ክመርጽ ኣለዎ። [23.3.5]
- OHSU ዝኾነ ብ AFSCME ዝውከል ሰራሕተኛ ክሰጉ ይሓስቡ እንተደኣ ሃልዮም፣ ነቲ ሰራሕተኛ ከምኡውን ንማሕበርና ናይ ሸውዓተ መዓልቲ ናይ ቅድመ ምስጓግ ምጉት ምልክታ ንክህቡ ይግብኦም። ሰራሕተኛታት ኣብቲ ምጉት ዝቐርብ ናይ ማሕበር ተወካሊ ክሓትት ይኽእል እዩ። [23.4]
- ኣዝዩ ብዙሕ ብዘይፍቓድ ብኩራታት — ከም ዘይምድዋልን ዘይምርካብን ዘጠቓልል ግን ብኡ ጥራይ ዘይድረት — ናይ ምስጓግ ምስምስ ክኸውን ይኽእል እዩ። OHSU ንሓደ ሰራሕተኛ ብዘይፍቓድ ዕረፍቲ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ወይ ድማ ንሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ውሽጢ ናይ 12-ኣዋርሕ ግዜ እንተደኣ ኣብኩሩ ብፍቓዱ ከምዝተሰናበተ ይቖጽሮ። [23.6]

**ዓንቅጽ 24 - ጥርዓናት ከምኡውን ዳኝነት**

እዚ ዓንቀጽ ንናይ ማሕበርና ናይ ጥርዓን** ኣገባብ ይገልጽ።

- እዚ ናይ ጥርዓን ኣገባብ ግድን ክሰዓቡ ዘለዎም ጽኑዓት ናይ ግዜ ተርታታት ኣለዎ። [24.1]
- ናይ ቃል መጠንቀቕታ ጥርዓናዊ ኣይኮነን፣ እቲ ሰራሕተኛ ግን ብጽሑፍ ክምልስ ይኽእል እዩ; እዚ ናይ ጽሑፍ ግብረ መልሲ ምስቲ ናይ ቃል መጠንቀቕታ ናብቲ ናይ ሰራሕተኛ ፋይል ይኸይድ። እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ምስዚ ዝተኣሳሰር ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ እንተደኣ ተቐቢሉ፣ ክልቲኦን መጠንቀቕታታት ብሓባር ክጥርዓለን ይኽእል እዩ። [24.1.4.d]
- ጥርዓናት ብተኸታተልቲ ሰለስተ ደረጃታት ይሓልፉ። እንተደኣ ጥርዓን ኣብ ደረጃ 1 ዘተፈቲሑ፣ ናብ ደረጃ 2 ይሓልፍ፣ ወዘተ። [24.1.5]
- እቲ ናይ መጠረሽታ ደረጃ ኣብ ናይ ጥርዓን መስርሕ ዳኝነት እዩ። ዳንነት ዝበሃል ኣብ ቅድሚ ሓደ ወገን ዘይፈሊ ፈራዲ ዝበሃል ተሳታፊ ዝካየድ ሕጋዊ መስርሕ እዩ። እቲ ፈራዲ ቅድሚ ውሳኔ ምውሳዱ ካብ ክልቲኦም ወገናት ጭብጥታት ይግምግም፣ ምስክርነት ይሰምዕ ከምኡውን ዛዛሚ መግለጺታት የንብብ። እቲ ናይ ፈራዲ ውሳኔ ኣብ ክልቲኦም ወገናት ቀያዲ እዩ። [24.2.1-24.2.4]
- ናይ ፈራዲ ክፍሊት ከምኡውን ወጻኢታት በቲ ዝተሳዕረ ወገን ይኽፈል። [24.2.5]
- ሰራሕተኛታት ንናይ ዳንነት ምስማዕ ንኽዳለዉ ብድምር ኣርባዕተ ሰዓታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ (ክልተ ካብኡ ዝኽፈል ሰዓታት) ይፍቀዶም እዩ። [24.3]

***ጥርዓን ኣዝዩ ፍሉይ ዓይነት ጸገም እዩ፣ ከም ዝኾነ ካልእ ንዝተወከለ ሰራሕተኛ ምስ OHSU ዝህልዎ ኣቤቱታ ወይ ጸገም ኣይኮነን። ጥርዓን ዝበሃል ናብ OHSU ብወግዒ ዝቐርብ መጸዋዕታ ኾይኑ ማሕበርና እቲ ናትና ውዕል ተጣሒሱ ኢሉ ከምዝኣምን ይገልጽ። ኩሉ ጥርዓናት ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ክፋላት ከጠቓልል ኣለዎ፥*

1. *ኣብቲ ውዕል ዝተጣሕሰ ዉሱን ዓንቀጽ*
2. *ብዛዕባ እቲ ምጥሓስ ናይ ሰራሕተኛ ምስክርነት*
3. *ናይ መኣረምታ ጠለብ — ነቲ ጸገም ንምዕራይ ከምኡውን እቲ ውዕል ከምዛ ዘይተጣሕሰ ንሰራሕተኛ ንምምላስ እንታይ እዩ ዘድሊ*

*ነቲ ሰራሕተኛ ነቲ መስርሕ ኣብ ምሕላፍ ዝሕግዞ፣ ሓያሎ ሰሙናት ክወስድ ይኽእል፣ ናይ ጥርዓን ወኪል ክምደበሉ እዩ።*

**ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዓት**

ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዕ ዝበሃል ናይ ስራሕ ክፍልታት ንዝተወሰነ ክፋል ናይቲ ውዕል ኣብ ናቶም መዋፈርያ ብዘሎ ፍሉይ ኩነታት ተመርኲሶም ዘመሓይሹሉ መንገዲ እዩ።

- እዞም ዝስዕቡ ናይ ውዕል ዓንቀጻት ብናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዕ ክመሓየሹ ይኽእሉ'ዮም፡
    - 7.4 – ተረካብነት ናይ ተወሳኺ ስራሕ
    - 9.1.4 – ምውጣን ከምኡውን ምምዳብ ናይ ትርፊ ሰዓታት
    - 12.4.1 – ምውጣን ናይ ዕረፍትታት
    - 19.11.1 – ትእዛዝ ናይ ምሕጻር/ምስራዝ [5.3]
- እቲ ናይ ሓባራዊ ምርድዳእ ስምምዕ መስርሕ ብኣማሓደርቲ ወይ ብ 10% ናይ ክፍሊ ስራሕ ክጅመር ይከኣል። ሽዑ ንእሽተይ ኮሚተ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ከምኡውን እቲ መስርሕ ንቕድሚት ከምዝቕጽል ንምውሳን ክትራኸብ እያ። [5.3.a-5.3.b]
- እታ ዝተጸልወት ናይ ስራሕ ጉጅለ እንተወሓደ 80% ካብቶም ዘድምጹ ኣባላት ናይታ ጉጅለ ነቲ ዝተኣመመ ፍታሕ ምስ ዝድግፉ ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ትበጽሕ። [5.3.c]
- ዝጸደቐ ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዓት ናብ ማሕበርና ከምኡውን ናብ ናይ OHSU ክፍሊ ዓቕሚ ሰብ ክርከብ ኣለዎ። ናይ ሓባር ስምምዓት ነቲ ውዕል ዝጥሕስ ኮይኑ እንተደኣ ተረኺቡ ብክፍሊ HR (ዓቕሚ ሰብ) ወይ ብማሕበርና ክስረዝ ይኽእል እዩ። [5.3.d-5.3.e]
- ናይ ሓባር ምርድዳእ ስምምዓት እዚ ህልዉ ውዕል ክሳብ ዝውዳእ ውጽኢታዊ ኮይኑ ይጸንሕ። [5.3.g]

*እዚ ናይ ሓባራዊ ምርድዳእ ስምምዕ መስርሕ ብዝያዳ ዝርዝር ኣብቲ ውዕልና ኣብ ላቐባ G ተገሊጹ ኣሎ፡ መምርሒታት ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ ስምምዕ ንምብጻሕ።*